orientation
orientamento
berufsberatung
.ch

ካብ ቀዳማይ ደረጃ ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ

ካብ ቀዳማይ ደረጃ ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ

ኣብ ስዊዘርላንድ ንዝመሃር ሓደ ቆልዓ፣ እቲ ካብ ቀዳማይ ደረጃ ናብ ካልኣይ ደረጃ ምስጋር፣ ንታሪኽ ትምህርቱ እቲ ናይ መጀመርታ ምእላይ መገዲ ትምህርቱ እዩ። ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ – ከከም እቲ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዘምጽእዎ ነጥቢ – ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ መጠነን ዝተፈላለያ ናብ ዝኾና ክፍልታት ይምደቡ።

ግቡእ ቤት ትምህርቲ

መብዛሕትኦም ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ ነቲ ግቡእ ትምህርቲ ኣብቲ ዝነብርዎ ምምሕዳር ዓዲ ዝርከብ ናይ መንግስቲ ቤት ትምህርቲ እዮም ዝውድኡ። ብግምት 5% ዝኾኑ ኣብ ውልቃዊ ቤት ትምህርቲ ይመሃሩ። ናይ መንግስቲ ቤት ትምህርቲ ኣገዳሲ ዝኾነ ተግባር ናብ ሕብረተሰብ ምጽንባር ተማልእ እያ፣ ዝተፈላለየ ማሕበራዊ፣ ቋንቋን ባህልን መበቆል ዘለዎም ቆልዑ ብሓባር ይመሃሩ። ነቲ ግቡእ ቤት ትምህርቲ ሓላፍነት ዘለዎ ካንቶን እዩ። ምምሕዳር ዓድታት ከኣ ንንጥፈታት ቤት ትምህርቲ የዋህዳ። ኣብ መንግስታዊ ቤት ትምህርቲ ምምሃር ኣይክፈሉን እዩ። ግቡእ ትምህርቲ ክጅምሩ ከለዉ እቶም ቆልዑ ከም ግቡኡ 4 ዓመት እዩ ዕድሚኦም። ግቡእ ትምህርቲ 11 ዓመት እዩ ዝወስድ። ቀዳማይ ደረጃ – ምስቲ 2 ዓመት መዋእለ ሕጻናት (ኣብ ሓደ ሓደ ካንቶናት) እቲን ናይ መጀመርታ ክልተ ናይ መእተዊ ክፍልታት ተወሲኹ – 8 ዓመት እዩ ዘጠቓልል። ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ 3 ዓመት ይወስድ። ኣብ ካንቶን ተሲየን ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ (ስኮላ ሜዲያ) 4 ዓመት ይወስድ።

ካብ ቀዳማይ ደረጃ ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ምስጋር

ኩሎም ቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ማዕረ ዝኾነ ዓቕሚ የብሎምን። ኩሎም ማዕረ ዝኾነ ክእለት፣ ድልየት ብቕዓትን የብሎምን። ገሊኦም ብርእሶም ምስራሕ ይፈትዉ፣ ካልኦ ምናልባት ሙዚቀኛታት እዮም፣ ማሕበራውያን ወይ ድማ ፍሉይ ዝኾነ ክእለት ኢድ ስራሕ ኣለዎም። ሓደ ሓደ ድማ ነቲ ትጽቢት ቤት ትምህርቲ ከማልኡ ብጣዕሚ ይኽብዶም እዩ። በዚ ምኽንያት ኣብ ታሪኽ ትምህርቲ ሓደ ቆልዓ ኣብቲ ናይ መጀመርታ ናይ መእለዩ ነጥቢ ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ኣብቲ መዘንኡ ዝኾነ ክፍሊ ምምዳብ ኣገዳሲ ዝኾነ።

ካብ ዓቕሞም ንኸይሕሰጋ ንኸይትሕትን ምጥንቃቅ

እቶም ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ ከም ግቡኡ ደቂ 12 ዓመት ክኾኑ ከለዉ እዮም ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ዝኣትው። እቲ ኣብ መወዳእታ ናይ ቀዳማይ ደረጃ ዘምጽእዎ ነጥቢ፣ መምሃራን ዝንእድዎ – መብዛሕትኦም እዋን ኣብዚ ውሳነ ወለዲ ይሳተፉ እዮም – ከምኡ ድማ ኣብ ሓደ ሓደ ዓድታት ናይ መእተዊ ፈተና ወይ ድሮ ኣብቲ እዋን ምጽራይ ካልኣይ ደረጃ ዘምጽእዎ ነጥብታት፣ ኣበየነይቲ ክፍሊ ናይ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ክምደቡ ከም ዘለዎም ይውሰን።

ምክሪን ኣበራብሪ ሓበሬታን ንወሀዲ

ከም መጠን ኣደ ወይ ድማ ኣቦ ንድኽመት ቆልዓኹም ክትኣምኑን ከምኡውን: «ቆልዓይ ከምቲ ኣነ ገሚተዮ ዝነበርኩ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንፋዕ ኣይኮነን።» ክትብሉ ክትክእሉ ኣለኩም። ነዚ እንተተቐቢልኩም እዩ እቲ ቆልዓ ሓዲሽ ዕድል ክረክብ ዝኽእል።

ቤት ትምህርቲ ከም መጠን ማሕበር እያ ዝሓሸ ከተገልግል ትኽእል። በዚ ምኽንያት ድማ ወለዲ ንቤት ትምህርቲ፣ ንኽፍሊ ብሙሉኡ እንተተገደስኹምሉ እዩ ዝሓሸ እምበር፣ ጥቕሚ ቆልዓኹም ጥራሕ ክትረኽቡ ኣይትፈትኑ።

ኣብ ጉዳያት ቤት ትምህርቲ ተሳተፉ፣ ኣበርክቶኹም ኣቕርቡ፣ ተማየጡ። ናይ እቲ ቤት ትምህርቲ ኩነታትን እቲ ቤት ትምህርቲ ዘድልዮ ነገራትን እንተተገዲስኩምሉ፣ እቲ ተቕርብዎ ሓሳባትን ነቐፈታን እውን ተቐባልነት ክረክብ ይኽእል እዩ።

ከም መጠን ወልዲ ዝሓሸ ነጥቢ ንኽመጽእ ትገብርዎ ናይ ትጽቢት ጸቕጢ ግደፍዎ።

ናይ ቆልዓ ድልየታት ክምዕብልን ክቐየርን ከሎ ተቐበልዎ፣ ናይ ቆልዓኹም ኣተሓሳስባ ቀጻሊ ክቀያየር ይኽእል እዩ።

ኣብ ልዕሊ ቆልዓኹም ናይ እዋናት ጸቕጢ ኣይትግበሩ። ወድኹም ወይ ጓልኩም ናቶም ዝኾነ ውሳነ ንምውሳን ዘድልዮም ጊዜ ይሃልዎም።